www.health-ni.gov.uk

Health and Social Care

A guide for children and young people - Tigrinya



# ክታበት ኮቪድ-19

## ንቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ዝምልከት መምርሒ



**ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ነቕጣ መርበብ ሓበሬታ ድለዩ**
**www.nidirect.gov.uk/covid-vaccine**

# እዚ ንእሽቶይ ናይ ሓበሬታ ወረቐት እዚ ንዝምልከቶም ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ብዛዕባ መደብ ክታበት ኮሮናቫይረስ (ኮቪድ-19) ዝገልጽ እዩ።

## ኮቪድ-19 ወይ ኮሮናቫይረስ እንታይ እዩ፧

ኮቪድ-19 ኣዝዩ ተላባዒ ናይ ስርዓተ ምስትንፋስ ሕማም ኮይኑ ብ SARS-CoV-2 ዝተባህለ ዓይነት ቫይረስ ዝለዓል ወይ ዝመሓላለፍ ሕማም እዩ። ኣዝዮም ዉሑዳት ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ብ ኮቪድ-19 ተለኺፎም ኣዝዩ ብርቱዕ ሕማም ክሓሙ ይኽእሉ እዮም።

ኮቪድ-19 ፈውሲ የብሉን እንተኾነግን ገለ ሓደስቲ ፈተነታት ክንክን ነቲ ናይ ሕልኽላኻት ሓደጋ ንምንካይ ዝሕግዙ ትኣታትዮም ኣለዉ።



እቲ ክፍሊ ኣገልግሎት ጥዕና ነቶም ካብ 12 ክሳብ 17 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ክታበት ይህብ ኣሎ። ንኣሽቱ መንእሰያት ኣብ ከቢድ ናይ ሕማም ተቓላዕነት ዝርከቡ ሕማም ኮቪድ-19 ምስ ዝሕዞም ወይ ምስቶም ናይ ሕማም ተጻዋርነቶም ዝተዳኸመ ሰባት ዝነብሩ ክልተ መጠን ክታበት ኣብ ናይ 8 ሰሙናት ናይ ግዜ ፍልልይ ክኽተቡ የድልዮም። ክሎም እቶም ካልኦት ካብ ዕድመ 12 ክሳብ 17 ዓመት ዝርከቡ ንኣሽቱ መንእሰያት 2 መጠን ክታበት ኣብ ናይ 12 ሰሙናት ናይ ግዜ ፍልልይ ክወስዱ የድልዮም።

## ንለበዳ ኮቪድ-19 ኣብ ሓደጋ ድየ ዘለኹ፧

ኮሮናቫይረስ ንዝኾነ ሰብ ክጸሉ ይኽእል እዩ። ብፍላይ እቶም ኣብ ኣዝዩ ኣሰካፊ ኩነታት ጥዕና ዝርከቡ ገለ ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ኣብ ሓደገኛ ኩነታት ናይዞም ዝስዕቡ ሕማማት ይርከቡ፡-

- መንሽሮታት (ንኣብነት ከም ብዓል ሕማም ደም (leukaemia) ወይ ሊንፎምያ (lymphoma))
- ሕማም ሽኮርያ
- ከቢድ ናይ ልቢ ጸገማት
- ናይ ስፍልቢ ጸገማት ወይ ሕጽረት ምስትንፋስ ከምኡውን ንምቁጽጻሩ ዝኸብድ ሕማም ኣዝማ፡
- ኩሊት፡ ጸላም ከብዲ ወይ ሕማም ከስዐ
- ብመኽንያት ሕማም ወይ ሕክምና ተጻዋርነቶም ዝጎደለ (እስቴሮይድ ዘለዎም መድሃኒታት፡ መድሃኒታዊ ፍወሳ ወይ ናይ ምጽላው ጨረር ፍወሳ)
- ምትካል ኣካል
- ኩነተ ሃለዋት ኣእምሮ ምጉዳል ወይ ናይ ጅማታውን ጭዋዳውን ሕማም
- ከቢድ ወይ ክትምሃር ዘይምኽኣል
- ሕማም ዳውንስ ሲንድሮም (Down's syndrome)
- ናይ ላልሽ ጸገም ዘለኩም፡ ንኣብነት ሕማም ሲክል ሴል (sickle cell disease) ወይ ናይ ላልሽ ምእላይ ዝተገብረልኩም
- ሕማም ምንፍርፋር (Epilepsy)
- ከበድቲ ተፈጥራዊ ጸገማት
- ካልኦት ከበድቲ ሕክምናዊ ኩነታት ብሓኪምኩም ወይ ብፍሉይ ክኢላ ሕክምና ምኽሪ ዝተዋህበኩም።

ንመብዛሕትኦም ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ኮቪድ-19 መብዛሕትኡ ግዜ ሳሕቲ ናብ ሕልኽላኻት ዘምርሕ፡ ፈኲስ ሕማም እዩ። ኣብ ውሑዳት ሰባት እቲ ምልክታት ሕማም ካብቲ ልሙድ ንላዕሊ ካብ 2 ክሳብ 3 ሰምንቲ ንዝነውሐ ግዜ ክጸንሕ ይኽእል። እዚ ክታበት ካብ ኮቪድ-19 ንምክልኻል ክሕግዘኩም እዩ።

ንስኹም እቲ ንቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ተፈቒዱ ዘሎ Pfizer ዝተባህለ ክታበት ክወሃበኩም እዩ።

## እቲ ክታበት ክከላኸለለይዶ እዩ፧

ክታበት ኮቪድ-19፡ ነቲ ብሕማም ኮቪድ-19 ንኽትሰቐ ዘሎካ ዕድላት ይንክዮ ኢዩ። ኣካላትኩም ካብቲ ክታበት ናይ ተጻዋርነት ብቕዓት ንኽጥሪ ዉሑዳት ሰሙናት ከድልዮ ይኽእል። ካብቲ ቀዳማይ መጠን ክታበት ጽቡቕ ናይ ምጽዋር ብቕዓት ከተጥርዩ ኢኹም። ነቲ ካልኣይ መጠን ክታበት ምውሳድ ድማ ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሕ ካብዚ ዓይነት ቫይረስ ዝከላኸል ናይ ምክልኻል ብቕዓት ክፈጥረልኩም እዩ።

ከም ኩሎም መድሃኒታት፡ ዝኾነ ክታበት ምሉእ ብምሉእ ኣድማዒ ኣይኮነን - ገለ ሰባት ገና ክታበት ወሲዶም ክነሶም ኮቪድ-19 ክሓሙ ይኽእሉ እዮም፡ እዚ ግን ብርቱዕ ዘይኮነ ሕማም ይኸውን። ብዛዕባ ምልክታት ናይቲ ሕማማ ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ይርከብ፡ nidirect.gov.uk/coronavirus.

እቶም ክታበታት ኣብ ሰውነት ዝዓብዩ ታህዋስያን ኣይሕዙን እዮም፡ ከምኡ'ውን ናይ ስርዓተ ምክልኻል ሕማማት ጉድለት ንዘለዎም ሰባት ውሑሳት እዮም። እዞም ሰባት ነቲ ክታበት ጽቡቕ ግብረመልሲ ኣይህቡን ይኾኑ፡ እንተኾነግን ካብ ከበድቲ ሕማማት ናይ ምክልኻል ብቕዓት ክፈጥርሎም ይኽእሉ እዮም።

## ብዛዕባ ጉዳይ ፍቓድ ስምምዕነት ምሃብ ዝምልከትከ፧

ንስኹም ብዛዕባ እቲ ክታበት ዝምልከት ምስ ወለድኹም ብሓባር ኴንኩም ነቲ ሓበሬታ ክትዘራረቡሉ ትደልዩ ትኾኑ።

ነቲ ክታበት ኣብ ቤት ትምህርቲ ትወሃብዎ እንተኼንኩም፡ ወላዲኹም/መጉዚትኩም ንኽትክተቡ ፍቓድ ንምሃብ ክታም ዘንብርሉ ቅጥዒ ክወሃቦም እዩ።

እቲ ክታበት ዝህበኩም ሰብ ድማ ንዝኾኑ ክህልዉኹም ዝኽእሉ ሕቶታት ብዛዕባ እቲ ክታበት ዝምልከቱ ኣብ ግዜ ቆጸራኹም ክምልሰልኩም እዩ።

## ልሙዳት ጎድናዊ ሳዕቤናት

ከም ኩሎም መድሃኒታት፡ ክታበታት ናይ ገዛእ ርእሶም ጎድናዊ ሳዕቤናት ከኸትሉ ይኽእሉ እዮም። ዝበዝሑ ካብዚኦም ቀለልትን ሓጺር ግዜ ዝጸንሑን ኮይኖም፡ ከምኡውን ንኹሉ ሰብ ዝሕዙ ኣይኮኑን። በቲ ንትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት እንጥቀመሉ ክታበት፡ እቲ ካልኣይ መጠን ክታበት ምስ ተኸተብካ ዝስዕቡ ኣዝዮም ልሙዳት ተርእዮታት ጎድናዊ ሳዕቤናት እዮም።

እቲ ኣዝዩ ልሙድ ዝኾነ ጎድናዊ ሳዕቤን ዘጠቓልሎም

- ኣብታ ክታበት ዝወሰድክሙላ ኢድኩም ዘሰቕን ከቢድን ስምዒት ከምኡ'ውን ምልምላም ይህልወኩም። እዚ ድሕሪ ክታበት ኣብ ከባቢ 1-2 መዓልቲ ዝኸፍአ ይኸውን።
- ስምዒት ድኻም
- ቃንዛ ርእሲ
- ሓፈሻዊ ቃንዛታት፡ ወይ ፈኲስ ናይ ጉንፋዕ ዝመስሉ  ምልክታት

ግቡእ ዝኾነ ዓቐን መጠን ፈውሲ ቃንዛ ፓራሲታሞል የዕረፍኩም ብምውሳድ (ነቲ ኣብ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ተጠቒሱ ዘሎ መምርሒ ብምኽታል) ጽቡቕ ንኽስምዓኩም ወይ ኩነታትኩም ንኽመሓየሽ ይሕግዝ። ወላእኳ ስምዒታት ረስኒ ኣካላት ን2 ወይ 3 መዓልታት ዘይልሙዳት እንተኾኑ፡ ልዑል ረስኒ መጠን ኣካላት ግን ዘይንቡርን ምልክት ናይ ሕማም ኮቪድ-19 ወይ ካልኦት መልከፍትታት ክኸውን ይኽእል እዩ። ምልክታት ሕማም ድሕሪ ክታበት፡ መብዛሕቲኡ ግዜ ንትሕቲ ሰሙን ይጸንሑ። እቶም ዝረኣይኹም ምልክታት እናበርትዑ ዝኾዱ ምስ ዝመስልኹም ወይ ዝኾነ ስክፍታ ምስ ዝህልወኩም፡ ናብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና 111 ደዉሉ


## ሳሕቲ ዝረኣዩ ጎድናዊ ሳዕቤናት

ኣብዚ ቀረባ ግዜ፡ ተርእዮ ነድሪ ጭዋዳ ልቢ (ነድሪ ጭዋዳ ልቢ (myocarditis) ወይ ነድሪ ሽፋን ልቢ (pericarditis) ዝተባህሉ) ድሕሪ ክታበት ኮቪድ-19 ተገሊጾም ኣለዉ።.


ዝበዝሑ ካብዞም ተርእዮታት እዚኦም ኣብ ንኣሽቱ ደቂ ተባዕትዮ ከምኡውን ዝበዝሐ ግዜ ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ካብቲ ካልኣይ ክታበት ምኽታብ የጋጥም። ዝበዝሑ ሰባት ምስ ኣዕረፉን ቅልል ዝበለ ሕክምናዊ ክንክን ምስተገብረሎምን ጥዕንኦም ተማሓይሹ።

### እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ምስ ዝህልውኹም ቅልጡፍ ሕክምናዊ ሓገዝ ክትደልዩ ኣለኩም፡-


ቃንዛ ኣፍልቢ



ሕጽረት እስትንፋስ፡
ቃንዛ ኣፍልቢ፡
ሕበጥ እግሪ



ስምዒት ቅልጡፍ
ህርመት ልቢ፡



## ንካርድኹም ብጥንቃቐ ሓዙ።

ንስኹም ወይ ወለድኹም ወይ ክንክን ዝገብረልኩም ኣካል ካብ ሓኪም ወይ ነርስ ምኽሪ ምስ እትደልዩ፡ ብዛዕባ ክታበትኩም ክትነግርዎም ኣለኩም (እንተተኻኢሉ ድማ ካርድ ክታበትኩም ኣርእይዎም) እዚ ድማ ብግቡእ መታን ክምርምርኹም።




ንስኹም ወይ ወለድኹም ከምኡውን ክንክን ዝገብሩልኩም ኣካላት ብናይ Yellow Card መደብ ኣቢልኩም ዝተጠርጠረ ጎድናዊ ሳዕቤን ክታበትን መድሃኒታትን ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

**coronavirus-yellowcard.mhra.gov.uk**

## ኮቪድ-19 ካብቲ ክታበታት ክሕዘኒ ይኽእል'ዶ፧

ካብቲ ክታበት ሕማም ኮቪድ-19 ክሕዘኩም ኣይክእልን እዩ እንተኾነ ግን ከይተረድኣኩም ብኻልእ መኽንያት ሕማም ኮቪድ-19 ተታሒዝኩም ክትኮኑ ትኽእሉ እቲ ምልክታት ድማ ድሕሪ ቆጸራ መዓልቲ ክታበት ክርአ ይኽእል።.
እቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ምልክታት ናይ ሕማም ኮቪድ-19 ኣብ ቀረባ እዋን ምጅማር ናይዞም ዝስዕቡ እዮ፡

- ሓድሽ ቀጻሊ ዝኾነ ስዓል
- ልዑል ረስኒ ኣካላት
- ምጥፋእ፡ ወይ ምቕያር ንቡር ናይ ምስትምቓር ወይ ምሽታት ስምዒት

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ምልክታት ምስ ዝህልዉኹም፡ ኣብ ገዛኹም ምጽናሕ ከምኡ ድማ ምርመራ ንምግባር መደብ ግበሩ።

## ብድሕርዚ እንታይ ክገብር ኣሎኒ፧

ድሕሪ ምኽታብኩም ነቲ ናይ ክታበት ካርድኹም ብጥንቃቐ ሓዝዎ። እቲ ናይ ክታበት ካርድኹም ዝርዝር ትሕዝቶ ናይቲ ዝወሰድኩሞ ቀዳማይ መጠን ክታበት ዝገልጽ እዩ።

እቲ ካልኣይ መጠን ክታበትኩም ድማ ድሕሪ 8 ወይ 12 ሰሙናት ክወሃበኩም እዩ።

ብዛዕባ ካልኣይ መጠን ክታበትኩም ዝምልከት፡ መታን ዝበለጸን ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሕ ናይ ተጻዋርነት ብቕዓት ክህልወኩም ኣብቲ ግቡእ ግዜ ምኽሪ ክወሃበኩም እዩ።



## ኣብ ግዜ ቆጸራይ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ምስዘይህሉ እንታይ ክገብር ይግበኣኒ፧

ንስኹም ተፈሊኹም ትነብሩ እንተኣሊኹም፡ ናይ ኮቪድ-19 መርመራ ንምግባር ቆጸራ ጌርኩም ትጽበዩ እንተሊኹም ወይ ኣብዘን ዝሓለፋ 4 ሰሙናት ናይ ኮቪድ-19 ሕማም ኮቪድ-19 ከምዝተለኸፍኩም ምስ ኣረጋገጽኩም 12 ሰሙናት ወይድማ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ናይ ሕማም ምስ እትህልዉ ድማ 4 ሰሙናት ክትጽበዩ የድልየኩም።

## ኮቪድ-19 ብኸመይ ኣገባብ ይዝርጋሕ፧



ኮቪድ-19 በቶም ካብ ኣፍን ኣፍንጫን ዝወጹ ነጠብጣባት፡ ብፍላይድማ ኣብ ግዜ ምዝራብን ምስዓልን ዝወጹ ኣቢሉ ይዝርጋሕ።

ብተወሳኺ ምስቶም ዝተበከሉ ነገራት ወይድማ ገጻት ምስተተናኸፍኩም፡ ዓይኒ፡ ኣፍንጫ፡ ኣፍ፡ ብምትንኻፍ ክውሰዱ ይኽእሉ.

## ንስኹም በቲ ብሃገር ደረጃ ወይ ብኣከባቢ ንዘሎ ዝኾነ ይኹን ቀይድታት ብግዲ ክትክተሉ ኣለኩም ከምኡ'ውን፡

ከምቲ ምኽሪ ዝተዋህበኩም መሸፈኒ ገጽ ተጠቐሙ



ኣእዳውካ ብስሩዕ ተሓጸብ



ጽሩይ ኣየር ንኽህሉ መሳኹቲ ምኽፋት



ነቶም እዋናውያን መምርሒታት ተኸተልዎም



**www.nidirect.gov.uk/coronavirus**

# ተወሳኺ ሓበሬታ

ንስኹም ወይ ወልድኹም ነቲ ናይ ፍርያት ውጽኢት ናይ ሓበሬታ ወረቐት ንዝያዳ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ክታበትኩም ዝምልከት፡ ከምኡውን ተኽእሎታት ናይ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ጎድናዊ ሳዕቤናት ኣብቲ ናይ ኮሮና ቫይረስ ብጫ ካርድ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ኣንብቡ።

ብተወሳኺ ብዛዕባ እቶም እትጥርጥርዎም ጎድናዊ ሳዕቤናት ኣብ ተማሳሳሊ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ወይ ነቲ ብጫ ካርድ መሐበሪ ቐጥዒ ብምጽዓን ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ ጸብጻብኩም ከተቕርቡ ትኽእሉ፡- **coronavirus-yellowcard.mhra.gov.uk/productinformation**

ካብዚ ዝስዕብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ፡- **pha.site/covid-vaccine-schools**











እዚ ሓበሬታ እዚ ብመሰረቱ ብህዝባዊ ክፍሊ ክንክን ጥዕና ዓዲ ኣንግሊዝ ዝማዕበል ኮይኑ ከምኡውን ኣብ ትሕቲ ሕጋዊ መንግስታዊ ፍቓድ v3.0 ኣብ ግብሪ ዝወዓለ እዩ።

Public Health Agency

**Public Health Agency**
12-22 Linenhall Street, Belfast BT2 8BS.
Tel: 0300 555 0114 (local rate).
www.publichealth.hscni.net

Find us on:

12/21